## ‘ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፈለየ ኲናት “ኣየ ምጽዋዕ]““ ስርሒት ፈንቅል ብጸላኢ እንክዝንቶ ከሎ! 24 - 25 ክፋላት

ግምቦት 25, 2017 ዓም ፈረንጂ



**ትርጉም ካብ ኣምሓርኛ ናብ ትግርኛ ፡ ድምጻዊ ጊደዎን በራኺ**

**ጸሓፋይን ተሓታታይን ናይዚ ቀሪቡ ዘሎ ታሪኽ፡ ሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ ።**

**※※※※※※※**





*******ስእሊታት ደራሲ`ዛ መጽሓፍ ወትሃደር*ሓለቓ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖን[ላዕለዋይ ስእሊ] ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማን[ታሕተዋይ ስእሊ] ......................***

- ***** ሓጺር መብርሂ፡ “ኤርትራን ከኢትዮጵያ የነጠለ ጦርነት፣ ኣይ ምጽዋ“** ብትግርኛ ድማ **“ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዝፈለየ ኲናት፣ ኣየ ምጽዋዕ“** ዝተባህለት መጽሓፍ ደራሲኣ **ሓለቓ ሓምሳ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ** ይበሃል። እዚ ናይ ቀደም ኣባል ደርጋዊ ኢትዮጵያዊ ወትሃደር ነበር፣ **ብጀጋኑ ሰራዊት ህዝባዊ**

**ግምባር ሓርነት ኤርትራ [ህ.ግ.ሓ.ኤ]** ብ **“ስርሒት ፈንቅል“** ዝብል ስም ኣንጻር ባዕዳውን መግዛእታውን ወራሪ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ሃንደበታውን በርቃውን መጥቃዕቲ፣ ክጅመር ኣትሒዙ ስጋብ ብዓወት **ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ [ህ.ሰ.ሓ.ኤ]** ዝዛዘም፣ ካብቲ ውግእ ዝተረፉ ንሱ ደሚርካ ኣሽሓት ምሩኻትን ቁሱላትን ዝኾኑሉ ዝነበረ ኩነታት ብናቱ ትዕዝብቲ ኣብዛ ዝተጠቕሰት መጽሓፍ ሰኒዱዎ ኣሎ። እዛ ጽዋ [ዛንታ] መጽሓፍ እዚ‘ኣ ኣብ ክሊ ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማን ኣብ ላዕለዎት መራሕቲ ሰራዊት ኢትዮጵያን ውትሃደራቶምን ዝነበረ ናይ ኩናት ሃዋህውን ሕንፍሽፍሽን ብፍላይ ከምኡውን ብወገን **ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ [ህ.ሰ.ሓ.ኤ]** ኣብ ብጽኑዕ ተሃዲሙ ዝነበረ ወትሃደራዊ ዕርድታት ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ሃንደበታውን በርቃውን መጥቃዕቲ ድማ ብሓፈሻ፣ ብዝርዝር ገሊጹዎ ኣሎ።

**ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማ** [ታሕተዋይ ስእሊ ኣብ ላዕሊ ተመልከት]፣ እቲ ንሰላማዊ **ህዝቢ ባጽዕ ጅሆ** ሒዙ ኣብ ሞንጉኦም ተሓቢኡ ስጋብ መጨረሽታ ዝተዋግኣን ጠንቂ ዘየድሊ መስዋእትን ህልቀት ህዝብን ወትሃደራትን ዕንወት ወደባዊት ባጽዕ ዝኾነን ኣብ መወዳእታ ድማ ብኻላሽኑ ነብሰ-ቅትለት ዝፈጸመን ኣረሜናዊ ሰብ እዩ። በወገን ኢትዮጵያውያን ከም ባህላዊ ርድኢቶም ከም **ሃጸይ ተዎድሮስ [ናይ ቀደም ስሙ ራስ ካሳ]** ጀግና ኢሎም ይሰምይዎ እዮም። ብወገነይ ክምኡ`ውን ብዓለማውን ብሰብኣዊን ትዕዝብቲ ግን፣ ለባማት ኣቦታትና ከምኡ ምስ ረኣዩ ``**ኣድግሲ መሬት ብድሕረይ ዳንዴር ኣትብቈላ በለት“** ክብሉ ዝመሰሉዎ፣ ሰብኣዊ ርሕራሔ ዘይብሉ ጨካን ሰብ ኔሩ ኢለ ይገልጾ። በቲ ሓደ ወገን ብወትሃደራዊ ዓይኒ፣ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ዘይነበሮ ቃልዕ ይኹን በረኻ ጎበታትን ከምኡ‘ውን ጎላጉል ኣንጻር ጸላኢኡ እናተዋግኤን ከም ሓላፊ እናዋግኤን ምስ ዘይሰልጦ ማለት ኣብ ኢድ ተጻይ ናይ ምውዳቕ ወይ ምምራኽ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ከምኡ እንተዝገብር ኔሩ፣ ኣነ‘ውን ብዘይቀልዓለም ካበየናይ ወገን ብዘየገድስ ጅግና ምበልኩዎ ኔረ። ከምኡ ግን ኣይነበረን።

ሓያሎይ ክፋላት ናይ`ዚ ትረኻ‘ዚ ካብ ገጽ-መጽሓፍ ክዓቑሮ ቀንየ እየ። ኣብ‘ዚ ብዙሕ ኽቡር መስዋእትን መውጋእትን ዝተኽፍለሉ ከቢድ ሰብኣውን ስነ-ኣእምሮኣውን ነገራውን ዕንወት ዝተኸሰተሉን ብድምር ናቱ ድማ መበል 26 ዓመታት ክቡር ነጻነትና እነኽብረሉ ዘሎና ሃዋህው እምበኣር፣ ንመዘካኸሪ ካብ`ቲ ዓቹረዮ ዘሎኹ ጽሑፋት ንኽተምብብዎ ምእንታን ብድምር ክፋላት መዓልታዊ ክሰደሉም እየ።ሰናይ ንባብ!!!

**መትሓሳሰቢ፡** ኣብ መርበብ ሓበሬታ ገጽ-መጽሓፍ ዘሎ ክፋላት ብዝሑ ዛጊት 39 ይኹን እምበር፣ እቲ ጽሑፋት ኣብ ውሽጢ`ዚ 25 ክፋላት ጨቢጠ ሰዲደዮ ኣሎኹ። ኣብ`ዚ ድማ ይድምድም ኣሎኹ። እንድሕሪ ስነ-ጥበባዊ ግዴዎን እቲ ዝተረፈ ክፋላት ትርጉም ቀጺልዎ፣ ኣነ` ውን ክሰዶ ክጅምር እየ። እዚ ዎደሓንኩም፣ ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን!!!

**ጽባቐ ትሽዓተ ብሄራትና※※※※※※※※ሕላገት ጽኑዕ ኤርትራዊ ሓድነትና!!!**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና፣ ክብሪ ድማ ንጀጋኑ ናይ ሓርነታዊ ኩናት ስንኩላን ብጾትና!!!**

**ሞሳን ክብርን ነቶም ደኺምና ሕጅስ ከነዕርፍ ከይበሉ ከይተሓለሉ ስጋብ ሎሚን ቀጻልን ብጽንዓት ሃገር ኣብ ምሕላውን ምህናጽን ምምዕባልን ዝቃለሱን ዘቃልሱን ዝሰርሑን ዘሎዉ ኤርትራውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን!!!**

**ዓወት ንሓፋሽ!!!**

*****ሓውኹም ብርሃነ ሃብተማርያም [ጸሓፊ-ናይ‘ዚ ሓጺር መብርሂ]**

**ተወሳኺ**-ኣብ`ዛ ክፋል እዚ`ኣ ቁሩብ ናይ ፊደላትን ቃላትን ነጥብታትን መኣረምታ ጌረ ኣሎኹ።




- ኰረኔል በላይ ኣስጨናቂ ድሕሪ እቲ መብርሂ ናይቶም ወትሃደራት ብጽሞና ምስማዕ.....

"ኣበይ ኣሎ እቲ ደብዳቤ ናብ ጀነራል ተሾመ ዝተላእከ!" በሉ።

ወትሃደር ወልጅራ ካብ ጅባኡ ሰታሪት ኣዉጽኡ...."ግን እዛ ደብዳቤ ኣብ ኢዶም ንጀነራል ተሾመ ክንህቦም ኢና ተኣዚዝና" በለ። ኰረኔል በላይ ኣስጨናቂ ዘረባ እቲ ወትሃደር ኣቆጥያም።

"እንታይ ኣዲኡ ገዲስዎ ሓደ ሽፍታ ጀነራል'ዶ! እገለ'ዶ የንብቦ ኢሉ ዝእዝዝ" ኢሎም ብሕርቃን መለሱ።

ኣስዒቦም ድማ " እስኻ' ኸ! ወትሃደር ናይ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ዲኻ! ወይስ ወትሃደር ናይ ሻዕብያ! ከምዚ'ዶ ከምቲ'ዶ ኢየ ተኣዚዘ ኢልካ ኣምባጋሮ ትፈጥር" ኢሎም እታ ሰታሪት ካብ ኢድ እቲ ወትሃደር መንጢሎም ወሰድዋ።

እታ ዝተዓሸገት ሰታሪት ኣብ ዝባና ብቛንቛ ኣምሓርኛ "ትድረስ ናብ ጄነራል ተሾመ ተሰማ" ዝብል ዝተጻሕፉን ማሕተም ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዘለዋን ነበረት።

ኮሮነል በላይ ኣስጨናቂ እታ ሰታሪት ሒዞም ካብ ሆቴል ቀይሕ-ባሕሪ ናብ ቤተ-መንግስቲ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ በታ ክፍቲ ጂፕ መኪንኦም ጌሮም መረሹ።

ሽዑ እዋን ብተዘማዲ ምስቲ ዝሓለፈ ሰዓታት ክርኤ ከሎ፣ ደብዳብ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ቁሩብ ህድእ ኢሉ ስለ ዝነበረ፣ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ኣብ ባይታ ፍርናሽ ኣንጺፎም ደቂሶም ነበሩ።

ኲረኔል በላይ ኣስጨናቂ ስጋብ ጀነራል ተሾመ ካብ ድቃስ ዝበራበሩ ምስ ሻለቃ ሮሪሳ ዳዲ ብዛዕባ ህልዉ ኩነታት ክዝትዩ ጸኒሖም፡ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ካብ ድቃስ ምስ ተበራበሩ ከኣ እታ ሰታሪት ሃብዎም።

ጀነራል ተሾመ ኣድራሻ ናይ ለኣኺ ክፈልጡ ተሃንጥዮም ነታ ሰታሪት ምስ ገማጠልዋ ወዝቢ ማሕተም ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ስለ ዝረኣዩ፡ ልክዕ ከም ሓደ ኤለክትሪክ ዝሓዞ ሰብ ኣእዳዎም ኣንፈጥፊጡ ነታ ሰታሪት ናብ ባይታ ደርበይዋ።

"በላይ ንምንታይ ከምኡ ትገብር ! ተጸሊልካ ዲኻ?! ንምንታይ ደብዳቤ ሻዕብያ ተቀብለኒ!" ኢሎም ክጥሕርዎም ደለዩ።

ኲረኔል በላይ ብስንባደ "ጎይታይ ኣብ ዓሚቕ ድቃስ ስለ ዝነበርኩም ኣይረኣኽዎምን ትኮኑ'ምበር፡ ክልተ ናይ ወገን ሙሩኻት ወትሃደራት ጻዕዳ ባንዴራ እንዳንበልበሉ ሒዞሞ ዝመጽኡ ደብዳቤ እኮ ኢዩ " በሉ።

ቀጺሎም " ጎይታይ እዚኣ ሰታሪት ብሓደራ ኣብ ኢድኩም ክትበጽሕ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሻዕብያ ዝተላእከት ኢያ። ስለዚ ብክብረትኩም ካብ ኣብ ባይታ ምድርባይ ፡ ኣንቢብኩም ትሕዝቶ መልእኽታ ምፍላጥ ይበልጽ" ኢሎም ነታ ሰታሪት ካብ ባይታ ኣልዒሎም እንደገና ሃብዎም።

ጀነራል ተሾመ ተሰማ እታ ሰታሪት ከፊቶም ብጽሞና ምስ ኣንበብዋ ርእሶም ንየማነ ጸጋም ነቕነቑ። ድሕሪኡ ንኩሎም ስታፍ መኮንናት ናይቲ ክፍለ ጦር-ሰራዊት ንኣኼባ ጸዉዑ።

እቶም መኮንናት ብዘገርም ቅልጣፌ ብኡ-ንብኡ ተጠርነፉ። ኣኼባ ብሓጺር መእተዊ ጀነራል ተሾመ ተጀመረ።

እታ ካብ ሻዕብያ ዝተላእከት ደብዳቤ ድማ ብኲረኔል በላይ ኣስጨናቂ ተነበበት። ትሕዝቶኣ ኸኣ ከምዚ ዝስዕብ ይንበብ ነበረ....

**ትብጻሕ ናብ ብርጋዲየር ጀነራል ተሾመ ተሰማ።**
**ዕለት 14 ለካቲት 1990 ዓም ፈረንጂ።**
**ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ።**

ኣብ እዘን ዝሓለፋ 29 ዓመታት ገዛእቲ መንግስታት እምባጦርያዊት ኢትዮጵያ ንፍትሓዊ ገድሊ ነጻነት ኤርትራ ብሓይሊ ክጭፍልቁ ሃቂኖም፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ኣረሜናዊ በደላት ማእለያ የብሉን።

ዋላ'እኳ ህ.ግ.ሓ.ኤ. መሰል ርእሰ-ዉሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ "ዓለም-ለኻዊ መድረኻት ሰላም" ብሰለማዊ መንገዲ ንኸረጋግጽ ብዙሕ ጻዕሪ እንተ ገበረ፡ ብሰሪ ግትርናን ትዕቢትን 'ደርጊ' ፍረ-ኣልቦ ኾይኑ ኢዩ ተሪፉ።

ስለዚ እነሆ ሕጂ መሰል ርእሰ-ዉሳኔ ህዝብና ብሻምብቆ ብረት ከነረጋግጽ ተገዲድና ኣብ ፍትሓዊ ኲናት ንነጥፍ ኣለና።

እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ፍትሓዊ ኲናት ንምሕራር መላእ ኤርትራ ድማ ድሮ ኣብ ግንባር ከረንን፥ ግንባር ደቀምሓረን፥ ኣብ ዓድታት ከባቢ ኣስመራን፥ ብርክት ዝበለ ፍረ ዓወታት ክንሓፍስ ኣክኢሉና ኣሎ።

ኣብ ግንባር ምጽዋዕ ባዕልኩም ዘለኹሞ ኲነታት ስለ ትፈልጥዎ ሓበሬታ ኣየድልየኩምን ኢዩ። ግን ንሰነድ ክከዉን ክንዘርዝሮ ኢና።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣውራጃ ሰምሃር ምስ መላእ ቅናት ቀይሕ-ባሕሪ ተቆጻጺርናዮ ኢና። ኣብ ኢድ-ቁጽጽር ሰራዊትኩም እትርከብ ስፍራ ዉሽጢ-ባጽዕ ጥራሕ ኢያ። እታ ዉሽጢ-ባጽዕ ድማ ከም ዝፍለጥ ብባሕሪ ዝተኸበበት፡ ስፍሓታ ካብ ኣርባዕተ ትርብዒት ኪሎ ሜትር ዘይትዓብይ ደሴት ኢያ።

ኣብ ለካቲት 12 ብመጕልሒ-ድምጺ ጻዉዒት 'ብሰላም ኢድኩም ናብ ህዝባዊ ግንባር ክትህቡ' ኣቕሪብናልኩም ነይርና። እቲ ጻዉዒት ሰላም ብምንጻግኩም ድማ ኣዚና ሓዚና። ሕጂ'ዉን እንደገና ብደብዳቤ ጻዉዒት 'ብሰላም ኢድኩም ናብ ህዝባዊ ግንባር ክትህቡ ነቕርብ ኣለና።

በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንነብሲ-ወከፍ ብሰላም ናብ ህዝባዊ ግንባር ኢዱ ዝሃበ ሰብ፡ ናብቲ ዝደለዮ ሃገር ብዘይ ወዓል-ሕደር ክንልእኮ ምኺንና ዳግማይ ንማባጻዕ ኣለና። እዚ መብጽዓ'ዚ እዛ ሰታሪት ካብ ዝተቀበልክሙሉ ሰዓት ጀሚሩ ስጋብ እቲ ዝመጽእ 24 ሰዓታት ይጸንሕ።

እንተ እዚ ጻውዒት ሰላም ተሓሲምኩም ኲናት መሪጽኩም ግን ሓላፍነት ናይቲ ዝስዕብ ዕንወት ንብረትን፥ ሕልፈት ትንፋስ ሰባትን ብዉልቂ ከም ትስከሙን፥ ከም ትሕተቱን ብእዋኑ ክትግንዘቡ ይግባእ።

**ዓወት ንሓፋሽ።**
**ካብ ማእከላይ ኮሚተ ህ.ግ.ሓ.ኤ.**
**ዕለት 14-02-1990።**

ኣብ ታሕተዋይ የማናይ ሸነክ እታ ደብዳቤ ማሕተም ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብትግርኛን፣ ብዓረብኛን፣ ብእንግሊዘኛን፣ ዝተወቀጠ ምስ ኣርማ ይርኤ ነበረ። ከምኡ'ዉን ብንጹር ዘይንበብ ፌርማ-ኢድ ተፈሪሙላ ነበረ።

※※※※※

እታ ደብዳቤ ሻዕብያ ተነቢባ ምስ ተወድኤት ናይ መጀመርያ ተዘራባይ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ነበሩ።

"እዚ ኣዝዩ ዘሕዝን ነገር ኢዩ።እዚ ካብ ምስማዕ ሞት ይሓይሽ ኔሩ! ሞት ሰታሪት ሞት ክዳን" በሉ።

ኰረኔል በላይ "ጎይታይ ከምኡ እባ ኣይትበሉ። እዚ ደብዳቤ እኮ እዞም ክሓድቲ ጀነራል ጥላሁንን፣ ጀነራል ዓሊን፣ ኢዮም ጽሒፎሞ ዝኾኑ" በሉ እቲ ደብዳቤ ብዉሕሉል ቋንቋ ኣምሓርኛ ከም ዝተጻሕፈ ስለ ዝተገንዘቡ።

ቀጺሎም "ላዕለዎት ሓለፍቲ ሻዕብያ ምስቲ ካብ መጠን ዝሓለፈ ጽልኢ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዎም ኣገናዚብና እንተ ርኢናዮ፡ ክንዲ እዚ ዝኣክል ምልከት ቋንቋ ኣምሓርኛ ክህልዎም ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ እዞም ጠላማት ጀነራላት ኢዮም ጽሒፈሞ ዘለዉ" ኢሎም ደምደሙ።

ብኣንጻር እዚ ድማ ሻለቃ ሮሪሳ ዳዲ "እዚ ትንተና ልክዕ ኣይኮነን። እዚ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሻዕብያ ባዕሎም ዝጸሓፍዎ ደብዳቤ ኢዩ። እቲ ትማሊ እቶም ጠላማት ጀነራላት ብመጉልሒ ድምጺ ዝመደርዎ እዉን እንተ ኮነ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሻዕብያ ዝጸሓፍዎ ኢዮም፡ እቶም ጀነራላት ኣንቢቦሞ እምበር ናይ ባዕላቶም ሓሳብ ኣይነበረን" ኢሎም ኣትሪሮም ተካትዑ።

ኣብ ሞንጎ'ኦም ኣትዮም ጀነራል ተሾመ "እቲ ኣገዳሲ! እቲ ይጽሓፎ እቲ ይጽሓፎ ዘይኮነስ! እንታይ ኢዩ ትሕዝቶ እዚ ደብዳቤ ኢዩ። እዚ ሕቶ ናይ ሞትን ህይወትን ኢዩ እኮ ንዓና። ንሕና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኢድና ንሻዕብያ ኣይንህብን ኢና! ኣርባዕተ ነጥቢ።" ኢሎም ሓደ ብሓደ ስምዒት እቶም መኮንናት ንኸጽንዑ ኣተኪኵሮም ጠመትዎም።

ዘረብኦም ብምቅጻል "እዚ ዝመጽእ ኩነታት ዋላ'ዉን ካብዚ ዘለናዮ ኩነታት እንተ ከፍአ! እቲ መወዳእታ ዝመጽእ እኮ ሞት ኢዩ።ሞት ኸኣ ይቅልጥፍ ይድንጉይ እንበር ዘይተርፍ ሕጊ ተፈጥሮ ኢዩ።ስለዚ ኣነ ካብ 50 ዓመት ኣድጊ ሻዕብያ ኮይነ ዝነብር 5 ሰዓታት ኢትዮጵያዊ ኣንበሳ ኮይነ ክነብር ኢየ ዝመርጽ" ምስ በሉ ኣብቲ ኣዳራሽ ጭብጨባ ኣንጎድጎደ።

ኣብ መደምደሚ መደርኦም ካኣ "እቲ ናይ ሞት! ሞት። እቲ ሕጂ ዘሎ ትርኢት፡ ሻዕብያ ኣብዚ ደረጃ ምዕባለ በጺሓ ምርኣይ ኢዩ። ስለዚ ድማ ንሕና ሎሚ ዓቕምና ዝፈቕዶ መኪትና ክንሓልፍ ኢና። እቲ ዝመጽእ ወለዶ ድማ ኣሰርና ተኸቲሉ ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ ዶባት ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ኮይኑ ክነብር ብደሙ ከዉሕስ ኢዩ። ስለዚ ኣነ ኣብዚ ታሪኻዊ ዕለት እዚ ነብሲ ወከፍ ኣባል ኣብዮታዊ ክፍለ ጦር-ሰራዊትና፡ ንሻዕብያ እቲ ዝግባእ መቕጻዕቲ ንኽቕጽዕ ክዳሎ ይእዝዝ ኣለኹ" በሉ።

ጀነራል ተሾመ ነቶም ኣኬበኛታት መኮንናት ልዑል ምድላዉ ንኸቢድ ኲናት ክገብሩ ኣዚዞም ኣፋንዮም ካብቲ ቤተ-መንግስቲ ምስ ወጹ፣ እቲ ህዝቢ ዉሽጢ-ባጽዕ 'ሰለማዊ-ሰልፊ' ዝገብር ዘሎ ብዝመስል መልክዕ ተደፋፊኡ ናብ ዕዳጋ ገጹ ክዉሕዝ ረኣዩ።

ጀነራል ተሾመ ተሰማ ምኽንያት እዚ ሕንቅል-ሕንቅሊተይ ኮይንዎም ዘሎ ጉዳይ ክፈልጡ ንሓደ ሻምበል ምስ ተወከሱ፣ እቲ ህዝቢ ነቶም ካብ ሻዕብያ ዝተላእኩ ክልተ ሰብ ጻዕዳ-ባንዴራ ርእዩ፡ ሰላም ዝኾነ መሲልዎ ናብ ከተማ ኣስመራ ክኸይድ ዝሃቀነ ምዃኑ ስለ ዝተረድኡ፣ ጀነራል ተሾመ ብህጹጽ እቲ ዝግዕዝ ዘሎ ህዝቢ ተዓጊቱ ብግዴታ ነናብ መንበሪ ቤቱ ክምለስ ኣዘዙ። እቲ ሰለማዊ ህዝቢ ተቀማጣይ ዉሽጢ-ባጽዕ ናብቲ ሽዑ ሻዕብያ ትቆጻጸሮ ዝነበረት 'ዕዳጋ' እንተ ግዒዙ፣ ሻዕብያ ብዘይ ሓንቲ ስኽፍታ ንሕስያ ብዘይብሉ ኣገባብ ንኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ብኸቢድ-ብረት ክትድብድቦ ስለ `ትክእል፣ ብመሰረት እቲ ትእዛዝ እቲ መስኪን ሰለማዊ ህዝቢ ተቀማጣይ ዉሽጢ ባጽዕ 'ድፋዕ' ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ክኸዉን ብጀነራል ተሾመ ተሰማ ተፈርደ።

ግን ድሮ ገለ ዕድለኛታት ዝኾኑ ሰባት ቅድሚ 'እቲ ትእዛዝ ናይ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ምትሕልላፉ ኣብ ዝነበራ ኣርብዓ ደቃይቕ ጥራሕ ልዕሊ ዓሰርተ ሽሕ ዝቁጸሩ ናብቲ ሻዕብያ እትቆጻጸሮ ዝነበረት ቦታ "ዕዳጋ" ብሰላም ሰጊሮም ነበሩ። ካብዞም ዝሰገሩ ሰባት ሓያሎ ወትሃደራት ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ዝነበሩ፡ ነቲ ኣጋጣሚ ተጠቒሞም ክዳን ገባር ለቢሶም ምስ`ቶም ሰለማዉያን ሰባት ተመሳሲሎም ዝሰገሩ እዉን ነበሩ።

ትእዛዝ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ብኡ-ንብኡ ኣብ ተግባር ወዓለ። ናብታ ድልድል መሳገሪት ካብ ዉሽጢ-ባጽዕ ናብ ዕዳጋ ዝቐረበ ሰብ "ወይል'ኡ" ድማ ተባህለ። እቲ ምስኪን ሰለማዊ ህዝቢ ተቀማጣይ ዉሽጢ-ባጽዕ ኣብ ጐዕዞ ዝነበረ ድማ ጥይት ንላዕሊ እንዳ ተኮስካን፥ እንዳ ኣፈራራሕካን፥ ናብ መንበሪ ቤቱ ከም ዝምለስ ተገብረ።

ግን እቲ ነቶም ሰለማውያን ሰባት ናብ ቤቶም ንኽምለሱ ዝተጠቐምናሉ ኣገባብ ግጉይ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ብደብዳብ ኸቢድ-ብረት ሻዕብያ ተሰናቢዱ ኣኣብ ዘዘለዎ ቦታ ተሓቢኡ ዝጸንሐ ህዝቢ ዉሽጢ-ባጽዕ፣ እቶም ሰብ ጻዕዳ-ባንዴራ ምስ ረኣየ፡ ድሕሪ ደጊም ሰላም ኮይኑ'ዩ ኢሉ፡ ኣብ ግዳም ወጺኡ ኣብ ጉዕዞ ናብ ከተማ ኣስመራ ዝነበረ፣ ኣብ ክንዲ ምኽንያትና ኣረዲእና ብሰላም ነናብ ቤቱ ንመልሶ፡ ንሕና ብተርባጽን ብታህዋኽን ተደሪኽና፡ ጥይት ንላዕሊ እንዳ

ተኮስና ኣፈራሪሕና ነናብ ቤቱ ክንምልሶ ስለ ዝፈተንና፣ እቶም ሰለማዉያን ሰባት "እዞም ሰባት ክርሽኑና ኢዮም" ኢሎም ስለ ዝሓሰቡን፣ ዝሕዝዎን ዝጭብጥዎን ጠፊእዎም ብስንባደ ሰባት-ንሰባት እንዳ ረገጹ ፋሕ-ብትን በሉ።

ኣብዚ ህሞት'ዚ ኸኣ እቶም ዝወደቁ ህጻናትን፣ ኣረጋዉያንን፣ ነብሰ-ጾራትን፣ ብእግሪ እቶም ሰለማዉያን ሰባት ኣብ ንነብሶም ምድሓን ተጸሚዶም ዝሃድሙ ዝነበሩ ተረጊጾም ሞቱ። እቲ ሳዕቤን ናይቲ ግጉይ ኣገባብ ድማ ኣዝዩ ኣሰቃቂ ትርኢት ኮነ።

ጀነራል ተሾመ ተሰማ ሓንቲ ተዓጻፊት ካላሽንን፣ ሓንቲ .38 ኮልት ሽጉጥን፣ ሰለስተ ቡንባ ኢድን፣ ሓንቲ ብራሾ ማይን፣ ዓጢቖም ኣብ ቅርዓት'ቲ ቤተ-መንግስቲ ንየዉ-ነጀዉ ይብሉ ነበሩ።

ድሕሪ ቁሩብ ደቃይቅ ግን ናብቲ ዉሽጢ ቤተ-መንግስቲ ኣትዮም፡ ንሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ (ጸሓፊ እዚ መጽሓፍ) ነቶም ካብ ሻዕብያ ዝተላእኩ ሰብ ጻዕዳ-ባንዴራ ምሩኻት ናብ ቤተ-መንግስቲ ከምጽኦም ኣዘዙ።

ሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ ድማ ትእዛዞም ኣኽቢሩ ነቶም መልእክተኛታት ብመኪና ካብ "ሆቴል ቀይሕ ባሕሪ" ናብ ቤተ-መንግስቲ ምጽዋዕ ኣምጽኦም።

ሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ ኣብ ሆቴል ቀይሕ-ባሕሪ ምስ በጽሐ፡ ነቲ ድሮ ካብ ኣኼባ ተመሊሱ ንዝመጽእ ከቢድ ኩናት ኣብ ምድላዉ ዝነበረ መኮነን ኲረኔል በላይ ኣስጨናቂ፡ ነቲ ትእዛዝ ናይ ጀነራል ተሾመ ሓቢሩ ነቶም መልእኽተኛታት ክወስዶም ስለ ዝተፈቐደሉ፡ ናብ`ቲ እቶም መልእኽተኛታት ዝነበርሉ ክፍሊ ኣተወ።

እቶም መልእኽተኛታት ብድኻም ተዘሪሮም ኣብቲ ኮፍ ዝበልዎ ኩርሲ ደቂሶም ጸንሕዎ። ሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ነቕኒቑ ምስ ኣተስኦም እቶም ሰባት ከም ሓደ መልኣከ-ሞት ዝረኣዩ ክመስሉ፡ ብስንባደ ልቦም ብኣፎም ክትወጽእ ቁሩብ ተረፋ።

ቀጺሉ እቲ ሓለቃ ሚእቲ ናብታ ኣብቲ ቅርዓት ዝነበረት መኪና ክስቀሉ ምስ ኣዘዞም'ሞ፡ ክልቲ'ኦም ብጭንቀት ተዋሒጦም ንሓድ-ሕዶም ኣዒንቶም ኣፍጢጦም ይጠማመቱ ነበሩ። በቃ ክርሽኑና ኢዮም ኢሎም ደምዲሞም ተስፋ ቆሪጾም ድማ ነበሩ።

ድሕሪ ቁሩብ ብመኪና ምጉዓዞም ግን እቲ ሓለቓ ሚእቲ ታደሰ፡ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ከዘራርብዎም ስለ ዝደለዩ ከም ዝጸዉዕዎም ስለ ዝሓበሮም ቁሩብ ሃድኡ።

እቶም ክልተ መልእኽተኛታት ኣብ ቤተ-መንግስቲ ምስ በጽሑ ብቀጥታ ናብ ቤት-ጽሕፈት ጀነራል ተሾመ ተወሰዱ።

ጀነራል ተሾመ "እዚ ደብዳበ ሻዕብያ ብወለንታኹም ዲኹም! ወይስ ተገዲድኩም ኢኹም! ናባይ ከተብጽሕዎ መጽኢኩም! እቲ ነዚ ደብዳበ ናባይ ከተምጽኡ ዘተባብዓኩም ምኽንያት'ከ እንታይ ኢዩ!" ኢሎም ብነድሪ ተወከስዎም።

ምሩክ ወትሃደር ዋቅጅራ ተቀላጢፉ "ንሕና ብሻዕብያ ብምምራኽና ኣብ ዓሚቕ ሓዘን ተዋሒጥና ከለና፡ ሻዕብያ እዚኣ ደብዳበ ናብ ጀነራል ተሾመ ከተብጽሕዋ ክትላኣኹ ኢኹም ምስ በለና፡ ክንድ'ቲ ዝሓዘናዮ መጠን ኢና ተሓጉስና። ምኽንያቱ ምስ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና እቲ መዓት ዳርጋ ግዓት ስለ ዝኾነ ብወለንታና ኢና መጺእና። ማንም ዘገደደና ሰብ የለን" ኢሉ መለሰ።

ቀጸሊ ሕቶ ጀነራል " እቲ ኩነታት ኣብቲ ሻዕብያ ዝቆጻጸሮ ዘሎ ስፍራታት ከመይ ይመስል ኣሎ! ዓይነትን ብዝሕን እቲ ሻዕብያ ዓጢቅዎ ዘሎ ብረታት'ከ?! " ዝብል ነበረ።

ወትሃደር ዋቅጅራ"እቶም ኣብ ዕለት 12 ላካቲት ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዝተማረኽና ከባቢ ክልተ ሽሕ እንኸዉን ወትሃደራት፡ ንጽባሒቱ በብሓሙሽተ ሚእቲ ተኸፋፊልና ብእግርና ተጓዒዝና ኢና ናብ ዶግዓሊ ዝተወሰድና። ኣብ ጉዕዞና ማእለያ ዘይብሎም ተዋጋእቲ ኣጋር ሰራዊት ሻዕብያ ከም ጻጸ ኣብ ፈቀድኡ ጎዳጉዲ (ዕርዲታት) ክኣትዉን ክወጽኡን ርእየ ኣለኹ። ከምኡ'ዉን ብዙሓት ታንክታትን ዘመናዊ ከቢድ-ብረታት ዝጸዓና ናይ ጽዕነት መኪና ርእየ ኣለኹ። ኣብ ጋሕቴላይ ምስ በጻሕና'ዉን ብዙሓት ናይ ጽዕነት መኪና ከበድቲ ብረታት ዝጸዓና ናብ ሸነክ ጊንዳዕን ምጽዋዕን ዝሕንበባ ርእየ ኣለኹ። ኣብ ርእሲ'ዚ'ዉን ማእለያ ዘይብሉ መዳፍዕ ከቢድ-ብረት ዝጸዓና መካይን ካብ ምጽዋዕ ናብ መገዲ ኣፍዓበት ክዋናጨፋ ርእየ ኣለኹ" በለ።

ቀጺሉ "ሻዕብያ ንምሩኻት ኩናት ብለይቲ ኢዩ ዘግዕዘም። ከም ቲ ልሙድ ኣሰራርሕኡ ከኣ ናትና ጉዕዞ'ዉን ብለይቲ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ እቲ ካብ ሓደጋ ደብዳብ ተዋጋእቲ ነፈርቲ ንክጥንቐቅ ተሓሲቡ ለይቲ-ለይቲ ካብ ሓደ ቦታ ናብቲ ካልእ ቦታ ዘንቐሳቕሶ ከበድቲ-ብረታት ንምርኣይ ዕድል ረኺብና ኢና" ኢሉ ንሕቶ ጀነራል ተሾመ ምሉእ መልሲ ሃበ።

ወትሃደር ፍቓዱ ከመይ ኢሎም በታ "ቶዮታ ፒክ ኣፕ" ካብ ጋሕተላይ ናብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ከም ዝተወስዱን፥ ኣብ`ቲ ምስቲ ምቕሉል መንእሰይ ሓላፊ ናይ ሻዕብያ ዝነበረ ምብህሃልን ጸቂጡ ተዛረበ።

ጀነራል ተሾመ ተሰማ "እቲ ቤት ጽሕፈት ሻድሻይ ነበልባል ክፍለ-ጦር ተቃጺሉ ዝብል ወረ ተናፊሱ ኣሎ። ሓቂ ድዩ እዚ ወረ?!" ኢሎም ተወከሱ።

ወትሃደር ፍቓዱ "ጎይታይ በጀካ እቲ ቤት-ጽሕፈት ወትሃደራዊ ሓበሬታን ሰነዳትን ካልእ ዝተቃጸለ የለን" ኢሉ መለሰ።

ቀጺሉ "ጎይታይ እቲ ቤት-ጽሕፈትኩም ይኹን እቲ ካልእ ቤት-ጽሕፈታት ከም ቀደሙ ኢዩ ዘሎ። ግን እቲ ንዝኽሪ ኣብዮታዉያን ሰማእታትና ዝቖመ ሓወልቲ ላምባ ነስኒሶም ኣቃጺሎሞ ኢዮም። ከምኡ'ዉን እቲ ኣብ ኣዳራሽ ሻድሻይ ነበልባል ክፍለ-ጦር ሰልፊ ኢ.ሰ.ፓ. (ናይ ኢትዮጵያ ሰልፊ ሰራሕተኛታት) ተሰቒሉ ዝነበረ ስእሊ ብጻይ ክቡር ፕረዝደንቲ መንግስቱ ሃይለማርያም ኣውሪዶም ቀዳዲዶም ደርብየሞ ኢዮም።

ይቕጽል.....




- ሻዕብያ እቲ ቃል መብጽዓ ዝኣተወልና ኣብ እቲ ዝለኣኾ ደብዳቤ ኣኽቢሩ፡ ካብ ድሕሪ ቐትሪ 13 ለካቲት ስጋብ ድሕሪ ቐትሪ 14 ለካቲት ማለት ስጋብ ሰዓት ኽልተ ድሕሪ ቐትሪ ወላ-ሓንቲ ድምጺ መድፍዕ ከቢድ-ብረት ኣየስምዔን።

ግን ኣብ ዓሰርተ ኣርባዕተ ለካቲት ሰዓት ኽልተ ድሕሪ ቐትሪ "እቲ ናይ 24 ሰዓታት" ብወለንታ'ኻ ኢድካ ብሰላም ናብ ሻዕብያ እትህበሉ ዝተወሰነ ግዜ ስለ ዝሓለፈ፣ ሓደ ፈላሚ መድፍዕ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ኣብ ቅርዓት ቤተ-መንግስቲ ዓለበ። እቲ መድፍዕ ነቲን ናብ ኩሉ ሸነካት ተፈንጀረ።

እቲ ኩሉ ኣብዮታዊ ወትሃደር ድምጺ መድፍዕ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ዝሰምዔ፡ ብህጹጽ ነናብ እቲ ዘዳለዎ ድፋዕ ተዓሺጉ ድምጺ ካልእ ዝቕጽል መዳፍዓት ደብዳብ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ንምስማዕ ይጸናጸን እኳ እንተ ነበረ፡ ግን ንኣስታት ዝቐጸለ ኽልተ ሰዓታት ካልእ ድምጺ መድፍዕ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ኣይሰምዔን።

ኣብ ከባቢ ሰዓት ሽዱሽተ ምሸት ግን ኣብ ዉሽጢ ሓንቲ ደቂቅ ልዕሊ 100 መዳፍዓት ከቢድ-ብረትን፥ መዳፍዓት ታንክታትን፥ ብ ኤም (B.M.) ብዓል ኣርብዓ ኣፉ መዳፍዓትን፥ ዙ-23 ጸረ-ነፈርትን፥ ኣብ ዝባን መላእ ዉሽጢ-ባጽዕ ኣዝነቦ።

ኣብ ዉሽጢ-ባጽዕ ሓደ ዓብይ እሳተ-ጎሞራ ዝነቶጐ መሰለ።

ሻዕብያ መሬት ምስ ጸልመተ'ዉን "ባዉዛ"(ብርሃን ዘብርህ ጥይት) እንዳ ተኮሰ እቲ ደብዳብ ከቢድ-ብረት ብጻዕቂ ቀጸሎ። መቸም ሓደ ሰለማዊ ሰብ ኩናት ርእዩ ዘይፈልጥ፡ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ጻዕቂ ደብዳብ ከቢድ-ብረት እንተ ትርእይ ነይሩ "ኣሽንኳይ 'ዶ ሰብ በዓል ገዚፍ ኣካል፡ ኣንጭዋ'ዉን ካብ እቲ ቦታ ብሂወት ኣይኽትወጽእን ኢያ" ኢሉ ምስ ደምደመ ነይሩ ኢለ ይሓስብ። ብኡነት! ብሓቑ ብኣዝዩ ዝዝግንን ኣሰቃቒ ኣገባብ ኢና ብመዳፍዕ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ተጨፍጪፍና።

ኣብ`ዚ ህሞት እዚ ከለና ጀነራል ተሸመ ተሰማ፡ "ኣጆኹም ብጾት! ዓወት ናትና ኢያ" "መዳፍዕ ከቢድ-ብረት እኮ በትሪ ፈራሕ ኢዩ። ሻዕብያ ኣሰብኡት እንተ ኮይኖም ብኣእጋር መጽእዮም ይግጠሙና! ሽዑ መን ኢዩ በዓል ስረ ንርኤኤ። ብጾት ሓደራ ከይ'ትድሃሉ በዚ በትሪ ናይ ፈራሓት! " እንዳ በሉ፣ ተዓጻፊት ካላሽኖም ኣብ ዝባኖም ተሓንጊጦም፡ ኣብ እቲ ቅርዓት ቤተ-መንግስቲ ንየዉ ነጀዉ እንዳ በሉ ንኩሉ ወትሃደር ከተባብዑ ኣምሰዩ።

※※※※※

ኣብታ ዕለት እቲ'ኣ ምሸት ሰዓት ዓሰርተን ዓሰርተ ደቒቅን ምስ ኮነ ኲረኔል በላይ ኣስጨናቂ ብወትሃደራዊ ሬድዮ ርክብ ናብ ጀነራል ተሸመ ተሰማ ሓንቲ ወትሃደራዊ ምስጢራዊት መልእኽቲ ለኣኩ።

ትሕዝቶ እታ መልእክቲ "ሻዕብያ ብተዋጋእቲ ጀላቡ ኣጥቂዑ ንዓለም ለኻዊ ወደብ ምጽዋዕ ብኽፊል ተቆጻጺርዎ ኣሎ።ንሕና ኸኣ ምስ ሻዕብያ ኲናት ኢድ-ብኢድ ገጢምና ኣለና" ትብል ነበረት።

መልሲ ጀነራል ተሸመ ድማ "ኣጆካ ትባዕ! ኣነ እቶም ዘለዉኒ ሰራዊት ሒዘ ድሕሪ ቑሩብ ደቃይቕ ክመጽኣልካ ኢየ" ትብል ሓጻር መልእኽቲ ነበረት።

※※※※※

ድሕሪ እዚ ጀነራል ተሾመ ንሻምበል ወንድወሰን ሰራሕተኛ ኣብ`ቲ "ማእከላይ መምርሒ ዘመተ" ዝነበረን፥ ንሓለቓ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫዮ'ን ጸዊዖም፣እቲ ኹሉ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት ኣብ ቤተ-መንግስቲ ምጽዋዕ ዓሪዱ ዘሎ ብህጹጽ ናብ ወደብ ምጽዋዕ ክምርሽ ኣዘዙ። ጎኒ-ጎኒ እዚ ትእዛዝ ድማ መልእኽቲ ኲረኔል በላይ ኣስጨናቂ ዝለኣኸ ናብ ነብሲ-ወከፍ ወትሃደር ተመሓላለፈ።

※※※※※

ድሕሪ ሒደት ደቃይቕ ኸኣ ብመሪሕነት ጀነራል ተሾመን፥ ብወደብትን ኣወሃሃድትን ሻምበል ወንድወሰን፥ ሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖን፥ ሻምበል ኣስናቐን፥ ሻምበል ባሻ ኣማረ ናጂን፥ ሓለቓ ሚእቲ ሃይማኖትን፥ ካልኦት መኮንናትን፥ እቶም ልዕሊ ሓሙሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ቐጽሮም ኣጋር ኣብዮታውያን ወትሃደራት ኢትዮጵያ፡ ንቤተ-መንግስቲ ለቒቆም ናብ ወደብ ምጽዋዕ ገጾም ገስገሱ።

※※※※※

እቲ ብጀነራል ተሾመ ተሰማ ዝተመርሓ ኣብዮታዊ ጦር ሰራዊት፡ ኣብ ከባቢ ሰዓት ዓሰርተ ሓደ ምሸት ኣቢሉ ኣብ ዓለም ለኻዊ ወደብ ምጽዋዕ በጽሔ። እቲ ዓለም ለኻዊ ወደብ ምጽዋዕ ድማ ድሮ ኣብ ኢድ ቑጽጽር ሻዕብያ ኣትዩ ስለ ዝነበረ፡ መጀመርያ ብጥይት ሻዕብያ ናይ ምኽልካል ቶኽሲ ፈለመ።

※※※※※

ጀነራል ተሾመ " ኢትዮጵያ ወይ ኸኣ ሞት! ብጾት ንቕድሚት ጥራሕ ንኺድ። ዓወት ናህና ኢያ። ኣጆካ ኣንበሳ! ኣጆካ ነብሪ! ወ.ዘ.ተ." እንዳ በሉ ንእታ ተዓጻፊት ካላሽኖም እንዳ ኣነቓዉ ንቅድሚት መረሹ። ኩናት ኢድ-ብኢድ ኮነ።

እቲ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና እቲ ጅግንነትን ቆራጽነትን ጀነራል ተሾመ ተሰማ ተዓዚቡ ሞራሉ ሰማይ ዓረጉ፡ ኣብ ዝባን ኣባላት ሻዕብያ እቲ በንባ-ኢድ ከም በረድ ኣዉረዶ፡ ከምኡ'ዉን ኣድራጋ-ኣድራጋ ጠያይት ክላሽንን፥ መትረየስን፥ ላዉንቸርን።

እቲ ቦታ ዓቢ መካዚኖ ጠያይት ዝነተጎሉ ስፍራ መሰለ። ብዘገርምን ዘደንቕን ኣጋጣሚ እቲ ቁጥዔ ጀነራል ተሾመ ንኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ዓወት ኣጨበጦ። እቲ ሽዑ ዝነበረ ሓጺር ጽዑቅ ኩናት ብዓወት ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ተዛዘመ። ዓለም ለኻዊ ወደብ ምጽዋዕ ዳግማይ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ቁጽጽር ኣብዮታዊ ጦር ሰራዊትና ኣተወ።

※※※※※

ኣብ እቲ ጸልማት ምሸት ጽምዋ ነገሰ። ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ጀነራል ተሾመ ናይ መተባብዕን ናይ ሞራልን ቃላት ንነብሰ-ወከፍ ወትሃደር ክህቡ ይስምዑ ነበሩ። እቲ ኩነታት ንሓደ ፍርቂ ሰዓት ዝከውን ግዜ ብከም'ዚ መልክዕ ቐጸለ።

ድሕሪ'ኡ ግን ሻዕብያ ሕነ እቶም ኣብ እቲ ወደብ ዝተደምሰሱ ብሉጻት ኣባላቱ ክፈድይ ሃቂኑ። ብፈጣን-ጃልባታት ዝተጻዕኑ ፍሉያት ሓይልታት ኮማንዶ፡ ብባሕሪ ኣስሊኹ ናብ እቲ ዓለም-ለካዊ ወደብ ምጽዋዕ ንኽእቱ ፈተነ ገይሩ ኔሩ።

ግን እቲ ብኽልቲኡ ሸነክ ዝነበረ ህልኽ ዝዓብለሎ ኣብ ሞንጎ ኽልተ ሓይልታት ዝነበረ ተብዓታይ ኲናት፡ ንእቲ ላዕለዎት ወትሃደራዊ ኣዘዝቲ ሻዕብያ ዝሓንጸጽዎ ወትሃደራዊ ትልሚ ዓብይ ዕንቕፋት ኮነ።

ብሰሪ እቲ ኲናት ኽኣ ካብ እተን ብዙሓት ብኒሕን ብሓቦን ዝነቐላ ፈጣን-ጃልባታት ሻዕብያ ሓንቲ "እንኮ" ንጨና እትኽዉን ኣብ ደንደስ ባሕሪ ወደብ ምጽዋዕ ክትበጽሕ ኣይኽኣለትን።

ድሕሪ እዚ ሻዕብያ ንእቲ ዝገጠሞ ፍሽለት መኽሓሓሲ ክኮኖ ዝወሰዶ ስጉምቲ፡ ደብዳብ ከበድትን ማእከላይን መዳፍዓት ከቢድ-ብረትን ኣብ ዉሽጢ-ባጽዕን፥ ሓደ ሓደ ፎኮስቲ ፈተናታት መጥቃዕቲ ኣጋር ሰራዊታት ነበረ።

ይቕጽል......................